# ሓቢርና ሆ ንበል ንህግደፍ ክንብድሆ

**ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ**

**በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን**

ክሳብ ማዓስ ህዝቢ እንዳ ጠፍኤ ክትዕበሱ
ብህግደፍ ህዝቢ ይጸንት ንስኹም ትድቅሱ
እዝንኹም እንዳ ሰምዔ ኣፍኩም ተዓቢሱ
ናዓኹም ኣሚኑ ህግደፍ ጥንቅሊዒት ደቂሱ
ይኽደን ህዝቢ ምስ ህግደፍ ሓዊሱ ከይገብረኩም ቁርሱ።

ዘክሩ እባ እቶም ምእንታና ዝወደቑ
ዘክሩ  ነቶም ከምጨው ዝሓቐቑ
ዓገብ ምስ ጠለምቲ ሕድሪ ክትስሕቁ
እንታይ ክትገብሩ ኢኹም ምስ ከደ መሊቑ።

ብሓደ ድምጺ ንበል ሆሆ ንህግደፍ ክንብድሆ
ብሓደ ድምጺ ንበል ሆ ህዝብና ክረክብ መርሆ
ከይሃደመ ኣብ ብሎኮ ዓሪድና ክጸንሖ
ጃንዳ ህግደፍ ካብ ሱሩ ምስ ተሞሖ
ዝተዓጸወ ህድሞታት ክሮሖ ክሮሖ።

ሓዲሽ ምዕራፍ ክንከፍት ኣብ ታሪኽና
ኣብ ኣርባዓታት ዝጀመርዎ ኣቦሓጎታትና
ኣብ ጎረበት ሃገር ዋዕላ ክንገብር ንብገስ ኣሎና
ብሰንኪ ጃንዳ ህግደፍ ሃገርና ካብ ሓረመና
ብሰንኪ ጃንዳ ህግደፍ ሃገርና ካብ ኮነት ዑና
ብዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክንፈትሖ ሽግርና።

ህዝቢ ኣብ ትሒቲ ህግደፍ መሲሉ ትኪ
ሕንኡ ዘይፈዲ  ኣቦታትና ይብልዎ በትኪ
ኣታ ምስ ህግደፍ ተጻጊዕካ ህዝብኻ ተብኪ
ሕጂ እዩ እዋኑ ሓሕ ክንብሎ ንምልኪ።

ኣይበዝሐ ዶ ኣነ እየ ናይ ህዝቢ ተሓላቒ
ነዚ ኩሉ ተቓዋማይ ረጊጽካስ ኣነ እየ ባዓል ሓቂ
ቁምነገር ግበር ካብ ትነጉድ ብዘይ በርቂ

ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ ኣበደን ምልኪ ጸይቂ
ህዝቢ ዝመረጾ እዩ ሃገር ዝመርሕ ንሱ እዩ እቲ ሓቂ።

ኑቶም ዝቃለሱ ዘለዉ ምንኣስ ዝሓዝካ ዘይብልካ
ጽባሕ ህዝቢ እዩ ወሳኒ ዋዛ ከይመስለካ
ኣብ ዝጥዕመካ ተቐመጥካ ድቅስ እዳ ሓደርካ

ጽቡቕ እንዳ በላዕካ ብሰላም እንዳ ነበርካ
ንዋዕላ እንተተቓወምካ ሓቅኻ እንታይ ጎዲሉካ
ሓልዮት ህዝቢ ከምዘይብልካ ኣራጋጊጽካ
ንሱ እንተ ኮይኑ ትሕዝቶኻ ተሪፍካ ኣኺሉካ።

መንእሰያት ይጸንት ንስኻትኩም ትስሕቁ
ገለ ትሕጭጩ እንዳ በላዕኩም ጸጽቡቑ
ምስ ህግደፍ ሓቢርኩም ህዝቢ ተሕቕቑ
ክሳብ ማዓስ መስ ህግደፍ ክትማጸደቑ
በሉ ክሳብ ጋሻ ውሒጅ ዝወስደኩም ሳሓቑ
ጽባሕ ክወግሕ እዩ ምስ ተወገነ ጸጸይቑ።

ህዝቢ  ቀቢጹ እንተ ተላዒሉ ኣኺልኩም
ብዘይ ነገዳ ዝሃረመ ማይ ከይወስደኩም ምስ መራሒኹም
ኑቲ ዝበደልኩምዎ  ህዝቢ እቅረታ ሕተትዎ ቀልጢፍኩም
ድሕሪ ውድቀት ጀንዳ ህግደፍ ከይገደኩም ከይገደኩም።

ዓወት ኑቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጅጋኑ ሰዋኣትና
ኤረና ንለብዘበን እንበር ዓመታስ ሸዊት ለምለም

ዕንወት ንጀንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን